# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 353 | 19 ነሓሰ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ሰሉስ


ገጽ 3
ኢቦላ - ደምበ ሃገራዊ ምትሕብባር

ገጽ 4


ገጽ 5
ትምህርቲ - ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን

ገጽ 10
ትርጉም ምልክታት ኢድ

ገጽ 11
ክለብ ደቀምሓረ ህላወኻ ኣውሒሳ



## ቀንሸት ገድሊ፡ ንናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ተወሳኺ ድምቀት ሂቡዎ ከምዘሎ በጻሕቲ ገሊጾም

ብውህደትን ምትሕብባርን ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቀሪቡ ዘሎ ንገድላዊ ታሪኽ ኤርትራ ዘድህስስ ትሕዝቶ ቀንሸት ገድሊ፣ ንናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ተወሳኺ ድምቀት ሂቡዎ ከምዘሎ በጻሕቲ ገሊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ እቲ ብመልክዕ ስእላዊ ምርኢት፡ ቅርጺ፡ ቪድዮ፡ ዝጭበጡ ኣሰራት ካልእን ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ንሂወት ተጋደልቲ፡ ዕለታዊ መነባብሮ፡ ዕጥቂ፡ ተሳትፎ ህዝቢ፡ ኣገልግሎታት ሕክምናን መጓዓዝያን ከምኡ'ውን ምሕደራ፡ ህዝባዊ ምንቅቓሕን ካልእን ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ብኣሰናዳእቲ ዝወሃብ መብርሂ ፍልጠትካ ዘዕምቕ ኮይኑ ከምዝረኸቡዎ ሓቢሮም።

ካብ ሆላንድ ዝመጸ ኣቶ ዘርአ ገረዝግሄር ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ሎሚ ድሕሪ ልዕሊ 20 ዓመታት ኑቲ ኣብ መሳርዕ ሰውራ ዘሕለፎ ሂወት ብመልክዕ ቀንሸት ገድሊ ኣብ ፈስቲቫል ክዕዘቦ ምኽኣሉ ፍሉይ ጦብላሕታን ተዘክሮን ከምዝፈጠረሉ ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለ ውዳበን ተሳታፍነትን ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

"ኣብ ቀንሸት ገድሊ፡ ዝጭበጥ ታሪኽን ተረኽትን ስለእትረክብ፡ ኣገዳስነቱ ካብ ማንም ዝስወር ኣይኮነን" ዝበለ መንእሰይ ብንያም ገብርሂወት ብወገኑ፣ መንእሰያት ኑቲ ታሪኽ ብግቡእ ክወርስዎ ምእንቲ፡ ክዕዘብዎን ኑቲ ዛንታ ካብ ሰብ ውዕሎ ክሰምዕዎን ኣዘኻኺሩ።

"ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ ታሪኽ ህዝቢ'ዩ" ዝበለ ካብ ኣወሃሃድቲ ቀንሸት ማሕበራት ገድሊ ኣቶ ሰለሙን ተወልደ፣ እቲ ሒደት መዳርግቲ ጥራይ ዘለዎ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ብዝግባእ ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ንኽሰጋገር፡ ብፍላይ እተን ኣብዚ መደብ ዘይተሳተፋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝመጽእ ምድላዋተን ኣጻፈፈን ክሳተፋ ጸዊዑ።

ብተመሳሳሊ፡ ንታሪኻዊ ድፋዓት ናቕፋን ታሪኽ እምባ-ደንደንን ዘድህስስ ብዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብመልክዕ ቅብኣ፡ ቅርስታት፡ መሳርሒታትን ስእላዊ መግለጽን ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ካብቲ ንተሳተፍቲ መሲጡ ዘሎ'ዩ።



## ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ብቕዓቱ ዝሓለወ ኣገልግሎት ንምሃብ ብዞካይዶ ዘሎ ጻዕሪ 38 ቴክኒሻናትን ዓቀብቲ መኻዘንን ኣሰልጠነ


ስ/ሄኖክ መኮነን

ወግዓዊ ወኪል ጃፓናዊ ኩባንያ መካይን ቶዮታ ዝኾነ፡ ሓደስቲ ሞዴል መካይን ኣብ ምእታውን ወቕታዊ ኣገልግሎት ጸገና ኣብ ምሃብን ዝነጥፍ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ፡ ዓቕሚ-ሰቡ ብምምዕባል ብቕዓቱ ዝሓለወ ኣገልግሎት ንምሃብ ብዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ን38 ኣባላቱ ብናይ ቶዮታ ደረጃ ቴክኒክን ምዕቃብ መኻዘንን ብግብሪን ክልሰ-ሓሳብን ኣሰልጢኑ፡ ብ15 ነሓሰ ኣመረቑ።

ኣብ'ቲ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት፡ ወከልቲ ዝተፈላለያ ትካላት መጓዓዝያ፡ ወነንቲ ናይ ውልቂ ጋራጃትን ካልኦት ዕዱማትን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣካይዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣብ ቴክኒክን ሓፈሻዊ ምሕደራ ምመቀያየሪ ኣቕሑን ዘተኩረ ክልሰ-ሓሳብን ግብሪን ዘጣመረ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ቀንዲ ዕላማኡ - ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ተሸከርከርቲ፡ ኣብ ምቕራብ መቀያየሪ ኣቕሑን ምብርካት ብሉጽ ጽገናዊ ኣገልግሎት ብቑዕ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ንምርግጋጽ ምዃኑ ገሊጹ።

ንዕዱማት ዓማዊልን ወነንቲ ጋራጃትን ብዛዕባ ኣገዳስነት ወቕታዊ ሰርቪስ ንተሽከርከርቲ ዝምልከት ኣስተምህሮ ዝሃበ ኣብ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ሚካኤል መዛንግዕ ብወገኑ፡ ወነንቲ መካይን ጥዕና መካይኖም ንምሕላው ወቕታዊ ሰርቪስ ክገብሩ ንድሕነት ሰብን ንብረትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ወኪል ተመረቕቲ ብግደኡ፡ ዝቐሰምዎ ስልጠና ንዝጸንሖም ውሱን ክእለትን ኣፍልጦን ዘማዕበለ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ካብኣቶም ዝሕተት ከማልኡ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ ተመረቕቲ፡ ካብ ኢድ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ሰርቲፊኬት ተቐቢሎም።

# ከተማ ከረን፡ ብኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ስንኩላን ዝሰልጠኑ 69 ኣባላት ሸማግለ ተሃድሶ ዓዲ ተመሪቖም

ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን - ከም መቖጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኮማዊ ተሃድሶ ዓዲ ንምስፋሕ ከካይዶ ዝጸንሐ ጻዕሪ፡ ኣብ ከተማ ከረን ን69 ኣባላት ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ዓዲ ኣብ ስራሖም ዝሕግዞም ስልጠና ሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣረኣእያ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ንምቕያርን ሸግራት ስንኩላን ብቐረባ ፈሊጥካ ንምፍትሑ ዝካየድ ጻዕሪ ንምድንፋዕ ዝዓለመ ምኳኑ፡ ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና ተሓቢሩ።

ሓላፊ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣቶ ግርማይ በኹረጼን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ሚኒስትሪ ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ስንኩላን ንምዕዋት ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ከረን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ንቕሓት ህዝቢ ብምብራኽ ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ዝጸንሐ ድሑር ኣረኣእያታት ንምውጋድ ዋዕላታትን ስልጠናታትን ወዲቡ ሸማግለታት ኮማዊ ተሃድሶ ከምዝቖመ ብምሕባር፡ እዚ ድማ ኣብ ምቕያር ሂወት ስንኩላን ደራኺ ተራ ክጎብር ዘለዎ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ግርማይ፡ ተዋፊሮምሉ ንዘለው ሃገራዊ መደብ ንምዕዋት ብዘይ ተጕላባነት ክሰርሑ፡ ንዘጋጥሞም ብድሆታት ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክፈትሑ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስንክልና ዝጸንሐ ግጉይ ርድኢት ንምቕያር ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላብዩ።


ስ/መሓሪ በላይ

ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዝበዝሑ ስንኩላን ብድሑር ኣረኣእያ ሕብረተ-ሰብ ክንጸሉ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ እዚ ተወጊዱ ስንኩላን ኣፍረይቲ ኣካላት ሕብረተሰብ ክምዝኾኑ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ምቛም ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ዓዲ ኣገዳስነቱ ልዑል ምኳኑ ኣብሪሆም።

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ምስ ህዝቢ ተሓባቢሮም ንዘጸንሐ ጸገማት ንምፍታሕ፡ ከም ቀዳማይ ተልእኾኦም ወሲዶም ከይተሓለሉ ክሰርሑ ምኳኖም ኣረጋጊጾም።

# ብነጠብጣባዊ ኣገባብ ዝለምዕ ዘሎ ፕሮጀክት ሕርሻ ሰሞሞ፡ ዝዕቡብ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ

ብነጠብጣባዊ ኣገባብ ዝለምዕ ፕሮጀክት ሕርሻ ሰሞሞ፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ምህርቲ እናሃበ ዘዕግብ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ክኢላ ልምዓት መስኖ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኢንጅነር ገብረስላሴ ሰመረ ገሊጹ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኢንጅነር ገብረስላሴ፡ እቲ ካብ 2011 ዝተጀመረ - ኣብ ትሕቲ ዲጋ ሰሞሞ ዝርከብ ፕሮጀክት፡ ድሮ 54 ሄክታር ዕፉን ምህርቲ ክእከቦ እንከሎ፡ 20 ሄክታር ድማ ኣብ ደረጃ ምሻዋት ይርከብ።

ድሕሪ'ዚ ምህርቲ ምእካቡ ድማ፡ ዓተር ክዝራእ ምኳኑ ተፈሊጡ'ሎ።

ኣልማዕቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ምህርቲ እናሓፈሱ ናብ ዕዳጋታት የቕርቡ ከምዘለዉ፡ እዚ ድማ ኣብ ምምላእ ጠለባት'ቲ ከባቢን ምምዕባል ሂወቶምን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣረዲኦም።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሴ፡ ህዝቢ ነቲ ፕሮጀክት ብጽቡቕ ይጥቀመሉ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንህዝባዊ ኣገልግሎት ቴክኒክ ስለ'ቲ ዝገብርዎ ምትሕብባርን ደገፍን ኣመስጊኑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዝርከባ 5 ዲጋታትን 16 ራህያታትን፡ ብዘሎ ጥሉል ክራማት 80 ሚእታዊት እኹል ማይ ከምዘዋህለላ፡ ካብቲ ንኡስ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ

ምስጋና ተዓገሰ
ዮሃንስ ሃይለ



## ክታበት ሮታ ቫይረስ

ሚ/ሪ ጥዕና ነቲ ብደረጃ ዓለም ጠንቂ ሕማምን ሞትን ብዙሓት ህጻናት ኮይኑ ዝጸንሐ ብሮታ ቫይረስ

ዝመጽእ ውጽኣት ንምክልኻል ሓድሽ ክታበት - ክታበት ሮታ ክጅምር እዩ።

ክታበት ሮታ ቫይረስ ካብ 14 ነሓሰ 2014 ጀሚሩ ኣብ ስሩዕ መደብ ክታበት ተኣታትዩ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ክወሃብ እዩ።

=> ክታበት ሮታ ንኹሎም ትሕቲ ሓደ ዓመት ህጻናት ይወሃብ።

=> ክታበት ሮታ፡ ብነጥቢ ኣብ ኣፍ ይውሰድ!

=> ክታበት ሮታ ኣብ ክልተ ዙርያ ይወሃብ!

ስለዚ፡ ወለዲ ደቆም ኣብ ሽዱሽተ ሰሙን ዕድሚኦም ቀዳማይ ክታበት፡ ኣብ ዓሰራይ ሰሙኖም ድማ ካልኣይ ዙርያ ክታበት ኣብ ዝቐረቦም ትካል ጥዕና ብምኻድ ከኽትብዎም ሚ/ሪ ጥዕና ይጽውዕ።

ብሮታ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ውጽኣት መከላኸሊኡ ክታበት ሮታ ጥራይ እዩ!

*ሚ/ጥዕና*

# ኣፍልጦ

ዓንዶም ጸጋይ

## ኤክስፖ - ደምበ ሃገራዊ ምትሕቝቛፍ



ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብቐጽሪ ኤክስፖ ዝጽዋዕ ሰፊሕ ደምበ ወትሩ ዓመት መጸ፡ ኣብ ክራማት ዝካየድ ሃገራዊ ፈስቲቫል ዝእንገደሉ ቦታ ካብ ዝኸውን ናብ ርብዒ ዘመን ገጹ ይግማገም ኣሎ። እዚ ኣብ ግዜ መግዛእቲ መዳኻኒን መረሸኒን ንጹሃት ሃገራውያንን ሓርበኛታትን ዝነበረን እልቢ ዘይብሉ ኣሰቃቒ ግፍዕታት ዝተፈጸመሉን ደምበ፡ ሓደ ካብቶም ታሪኻውያን ቦታታት ኤርትራ ኢዩ። ደምበ ኤክስፖ - ኣስመራ ብ1968 ኢዩ ክስራሕ ተወጢኑ። ኣብቲ ፋልማይ ናይ ስራሕ ውጥኑ ከኣ ናይ 70,000 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት ነበሮ። ምስ ግዜ እቲ ቀጽሪ ከምዝሰፍሕ ኣብ ዝተገብረሉ ግዜ ድማ፡ እቲ ደምበ ስፍሓቱ ናብ ክልተ ዕጽፊ ብምዝያድ ናብ 150,000 ትርብዒት ሜትሮ ገፊሑ።

እዚ ካብ 1992 ጀሚሩ ንሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ዘእንግድ ዘሎ ቐጽሪ ኤክስፖ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝነበሩ እዋናት ክልተ ዓበይቲ ንግዳውያን ፈስቲቫላት ኣእንጊዱ ምንባሩ ይዝከር። እቲ ቀዳማይ ኣብ 1969 ክካየድ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ኣብ 1972 ኢዩ ተጸንቢሉ። ኣብቲ ቀዳማይ ምርኢት ልዕሊ 200 ዝኣኽላ ትካላትን ፋብሪካታትን ዝተሳተፋ ኮይነን፡ ዝተፈላለዩ ስነ ጥበባውያን ምርኢታትን ውድድራትን ዝተኻየዱሉ ኣጋጣሚ ከምዝነበረ መጻሕፍቲ ይሕብሩ። ቀጽሪ ኤክስፖ ቅድሚ ናጽነት ካብ ዘእንገዶም ፍጻሜታት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ዝግለጽ እቲ ካልኣይ ምርኢት ኢዩ።

ብዘይካ እዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ኣጋጣሚታት፡ ንሰን'ኳ ብገዛእቲ ሓይልታት፡ ካልእ ዓቢ ዝበሃል ተመሳሳሊ ኣጋጣሚ ከእንግድ ዕድል ዘይረኸበ ደምበ ኤክስፖ ኣስመራ፡ ድሕሪ እቲ ባይታ መከራን መዘና ኣልቦ ግፍዕታትን ኮይኑ ዘሕለፎ እዋን፡ ኣብዚ ሎሚ ግዜ ዜጋታት ናጻ ኮይኖም ዘዘናግዑሉን፡ ዓመት መጸ ድማ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ዝነብር ህዝቢና ኣብ ሓደ መኣዲ ብምዃን ሓድነቱ ዘደልድልሉ፡ ሓድሕድ ተመኩሮታት ዝለዋወጠሉ ሰፈር ኮይኑ ኣሎ።



# ፈስቲቫል




ፈስቲቫል ዓለምለኻዊ ተፈላጥነትን ተቐባልነትን ዘለዎ ዓቢ ናይ ምትእኽኻብ ኣጋጣሚ ኢዩ። እዚ ብባህላውን ብኻልኦት መዳያት ስነጥቡበን ዝምዕርግ ፍሉይ ኣጋጣሚ ንኮማዊ፡ ሃገራዊ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንኣህጉራዊ በዓላትን ኣገደስቲ ምኽንያታትን ኣመልኪቱ ዝቐርብ ኢዩ። ፈስቲቫላት ኩሉ ተሳታፊ ዝዘናግዓሉ ናይ ደስታ እዋን እኳ እንተኾኑ፡ ቀንዲ ዕላማታቱ ግን ንሓድነት ተሳተፍቲ የደልድል፡ ተኻፈልቲ ፈስቲቫላት ንታሪኽን ባህልን ሃገሮምን ሕብረተሰቦምን ንኽፈልጡን ብዘለዎም ታሪኽ ክኾርዑን ይሕግዙ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ሓድሕዶም ክተሓቛቖፉን ክፋቐሩን ዝድርኽ ብምዃኑ ኣገዳስነቱ እምብዛ ዕዙዝ ኢዩ።

ፈስቲቫላት ምኽያድ ካብ ጥንቲ ዝፈለመ ተርእዮ ኢዩ። "ፈስቲቫል" ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ ላቲን ዝፈለቐ ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃይማኖታውያንን ሃገራውያንን በዓላት ንምኽባር ንዘዋገር ጽንብል ንምግላጽ ዝውክል ቃል ኢዩ። ንባህልን ልምድታትን ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዓለም ዘጽንዑ ተመራመርቲ ከምዝገልጽዎ፡ ጥንታውያን ተመሳሰልቲ ፈስቲቫላት ዝተኻየዱሎም ምኽንያታት እቶም ኣብቲ እዋን ዝነብሩ ዝነበሩ ኣህዛብ ንሚዛን ሓይሊ ባህሪያውነት ንምርዳእ ዝነበሮም ህንጡይነት ዝፈጠሮ ሻቕሎት ንምህዳእ ምዃኑ እምነት ኣለዎም። በዚ እምነት ዝፈለመ ፈስቲቫላት ከኣ ንግዜን ኩነታትን ተኸቲሉ ናብዚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ከምዝማዕበለ ይንገር።

ፈስቲቫላት ብመንጽር እቲ ምኽንያት መካየዲኦምን፡ ኣብቲ ፈስቲቫላት ንዝካየዱ ንጥፈታት ምርኩስ ብምግባርን ይፈላለዩ ኢዮም። ንኣብነት ኣብ ዝፈረዩ ዓለምለኻዊ ፊልምታት ኣተኩሩ ዝካየድ ናይ ፊልም ፈስቲቫል ኣሎ። ብተመሳሳሊ'ውን ንባህልታት ሕብረተሰባት ዝውክሉ ንጥፈታት ዝቐርቡሎም ባህላውያን ፈስቲቫላት ይረኣዩ ኢዮም። ንዝተፈላለዩ ንግዳውያን ፍርያት ትካላት ዘላሊ ንግዳዊ ፈስቲቫል ሓደ ካብ ዓይነታት ፈስቲቫል ኢዩ። ንታሪኽን መንነትን ህዝብታት ዝገልጹን፡ ንኹሎም'ዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ንጥፈታት ብምጥርናፍ፡ ንሓፈሻዊ ምስሊ ሃገርን ባህልታትን ልምድታትን ዜጋታት ዘንጸባርቑ ሃገራውያን ፈስቲቫላት ከኣ እቶም ብቐዳምነት ዝጽውዑ ኢዮም።

ዓመታዊ ኣብ ብራዚል ዝካየድ፡ ብባህላዊ ሳዕስዒት ሳምባን ተዓጂቡ ኣብ ጎደናታት ሪዮን ጎማጎም ባሕሪ ኮፓኮፓናን ዝጽንበል ፈስቲቫል ሓደ ካብቶም ዓይኒ በጺሖቲ ዝማርኹ ኣጋጣሚታት ኢዮም። እዚ ዘጽሮ ነጥቢ እንተሃልዩ ከኣ ፈስቲቫላት ንዜጋታት ሓሊፎም ንበጻሕቲ መስሕብ ክኾኑ ዝኽእሉ ምዃኖም ኢዩ። ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝካየዱ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሃገራውያን ፈስቲቫላት ነዚም ልዕል ኢሎም ዝተገልጹ ነጥብታት ዘራጉዱ ኢዮም።

ሃገርና ኤርትራ'ውን ከም ካልኦት ሃገራት ዓለም ናታ ዝኾነ ዘሕብን ታሪኽን ሃብታም ባህልን ልምድታትን ብዙሕነትን እትውንን ኢያ። እዚ ንሓድነት ህዝቢ ኣብ ምድንፋዕን ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ ጉዳያቶም ቅርበት ከምዝህልዎም ኣብ ምግባርን ደራኺ ዝኾነ ሃገራዊ ፈስቲቫል ድማ፡ ነዚ ዝኹርዐን ሃብታምን ታሪኽ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ምግላጽ ዝጻወቶ ተራ ንምግንዛብ ከቢድ ኣይኮነን። ምስ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ንዘለዎ ትሕዝቶ ባህልን ልምድን ካብን ናብን ከመሓላልፍን ሃገራዊ ክብርታቱ ንምድልዳልን ዝኽእሎ ናይ ግዜኡ ርእሱ ሃገራዊ ፈስቲቫል ክካይድ ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሬቱ ሓራ ክሳብ ዝኸውን ኢዱ ኣጣሚሩ ኣይተጸበየን። ቅድሚ 40 ዓመታት ንኢጣልያዊት ከተማ ቦሎኛ ከም መደበር ፈስቲቫላቱ ብምውሳድ፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ድሙቕን ኣሲታፍን ሃገራዊ ፈስቲቫል ኣካይዱ ኢዩ። ንምሕራር መሬት ኤርትራ ተኸቲሉ ድማ ካብ 1992 ኣትሒዙ ክሳብ እዚ ዕለት እዚ ዓመታዊ ንኩሉ ኩርንዓት ሃገርና ብዝሳተፈ መልክዕ ይጽንበል ኣሎ። ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ብዘይካ'ቲ ኣብ ዜጋታት ዝፈጥሮ ሓያል ሃገራዊ ስምዒት፡ ተሳተፍቲ ኣብ ዝኾኑ በጻሕቲ'ውን ዘሕድሮ ተምሳጥ ኣመና ልዑል ኢዩ።

## ሕቶ ንዥብርዎም ብዛዕባ ፈስቲቫል

1. ኣብ ውድድራት ፈስቲቫል ንበሉጽ ስርሓት ዝወሃብ ዝለበረ ናይ ክብሪ ሽልማት እንታይ ይብሃል?

ሀ. ሽልማት ዛግረ ለ. ሽልማት ራይሞክ

ሐ. ሽልማት ሻሎት መ. መልሲ የለን

2. ምስ ፈስቲቫል ኤርትራ ዝተኣሳሰሩ ንጥፈታት ዘይኮነ ኣውጽእ?

ሀ. ቆሽት ዞባታት ለ. ቆሽት ትምህርቲ

ሐ. ቆሽት ህጻናት መ. መልሲ የለን

3. ንውድድር ራይሞክ ካብ ዝተዓወቱ ስነጥበበኛታት (ደምጻውያን) ዘይኮነ ኣለሊ።

ሀ. ኣብራር ዑስማን ለ. ነ/ሄ ኣብርሃም ኣፍወርቂ ሐ. በረኸት መንግስትኣብ

4. ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ቐጽሪ ኤክስፖ ዘይተኣንገደላ ዓመት ግለጽ ?

ሀ. 2000 ለ. 2010 ሐ. 2013 መ. 2012

5. ዝተፈላለዩ ምህርቲ ትካላት ዘላሊ ኣካል ፈስቲቫል ኤርትራ ዝኾነ ክፋል እንታይ ይበሃል ?

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን

1.መ 2. ሐ 3. ሀ 4. ሀ 5. ሲኒማ ኣስመራ ኣብ 1920




# ትምህርቲ - ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን



<u>3ይን መወዳእታን ክፋል</u>

ኣብ ትምህርቲ ከኣ ከምኡ እዩ። ብዙሕ ግዜ መማህራን ትግርኛ ይኹኑ ወይስ መማህራን እንግሊዝ ንባብ ክምህሩ እንክለዉ ነቶም ቈልዑ ነቲ ዛንታ ኣንብብዎ ይብልዎም እሞ ኣንቢቦም ምስ ወድኡ ኩሉ እቲ ኣብቲ ዛንታ ዘሎ ትሕዝቶ ንግፍ ኣቢሎም ይነግርዎም። ከቢድ ቃላት ኣብኡ እንተኣሎ ከኣ፡ እቶም መማህራን ይነግርዎም። ኩሉ እቶም መማህራን'ዮም ዝገብርዎ። እቶም ቈልዑ ካብቲ ጽሑፍ እንታይ ተረዲኦም እውን ኣይሓትዎምን እዮም? ኣብቲ ጽሑፍ እቶም ቈልዑ ዘይርድእዎ ቃል ምስ ዝረኽቡ ከኣ ባዕላቶም ክግምቱ ወይ ከኣ ባዕላቶም ካብ መዝገበ ቃላት ክረኽብዎ እውን ኣየተባብዕዎምን። ተማሃሮኦም ከኣ ዓመታት ተማሂሮምሲ ኣብ ትምህርቲ ክኀዩ፡ ክዘሉ ይትረፍሲ ገና ነታ ታተ ኣውን ኣይክእልዋን እዮም። ስለዚ ከኣ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ጡጦ ዝደልዩ ተማሃሮ እዮም።

ነዚኦም ከምዚኦም ዝበሉ መማህራን፡ 'ሕራይ ንስኻሲ ምሂርካ ወጺእካ ኣለኻ። ኩሉ ንግፍ ኣቢልካ ከኣ ነጊርካዮም ኣለኻ። ግን እቶም ተማሃሮኻኸ ነቲ ትምህርቲ ተማሂሮምዎዶ?' ክብሎም እየ ዝደሊ። ከምዚኦም ዓይነት መማህራን፡ ከምቶም ንደቀም ብእግርኻ ምኻድ ክምህርዎም ዘደልዩ እሞ ኩሉ ግዜ ታተ ከብልዎም ዝደልዩ ወለዲ እዮም ዝመስሉ። ከይወድቁ ይፈርሑ። እንተ ዘይወዲቑ፡ እንተ ዘይተላሕጺጹ፡ እንተ ዘይበኽዩ ደኣ ከመይ ኢሉ ምኻድ ክማሃር እዩ?

ንኣቦኺ ወይ ንኣደኺ ሓዳር ከመይ ኢሎም ከም ዝወጹ ሕተትዮም። እንትርፎ ካብ እንዳ ዓለቦኺ ዝወረስዎ ንብረት ኣልዩዎም ዘለዎም ንብረት ቀስ ኢሎም ዘጥረዩዎ እዩ። ኣብዚ ኩሉ ብቕጽበት ክኾነልና ኣብ እንጽበዮ ዘበን እዚ ናታቶም ትዕግስቲ ክንርድኦ ከቢድ'ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ትዕግስቲ ተዓጢቖም ስለ ዝነበሩ ከኣ፡ እምነት ኣብ ህይወቶም ዓብዩ ቦታ ነበራ። ንዓርክኻ ምጥላም ነውሪ ነበረ። ገንዘብ ሓራም ከኣ ገንዘብ ሓራም'ዩ፡ ማንም ኣይትንክፎን እዩ። ማንም ገንዘብ ሓራም ክበልዕ ኣይደልይን እዩ። ሕጂ ግን እቲ ሓራም ዝብሃል ነገር እንታይ ምዃኑ ከተረድእ ትትዕብ። በዚ ምኽንያት ከኣ ትማሊ ቅርሺ ዋጋኣ ዝነበረት ነገር ንጽባሒቱ ክልተ ቅርሺ ከኽፍሉኻ ይዕምጹኻ ከም ዘለዉ ፍጹም ኣይሓስብዎን እዮም። ኣብ ርእሶም ዘሎ ሓሳባት፡ ከመይ ብቕጽበት ሃብቲ ይእክቡ'ዩ።

ናብቲ መምጽኢና ጉዳይ ንመለስ። ድሌት ርእሳ ክትክእል ነዊሕ ግዜ ከድልያ'ዩ። ሓርማዝ ርእሱ ክኽእል ክንደይ ከም ዘወስደሉ ርኣዩ። ብዘይ ሓገዝ ኣቦኡን ኣደኡን ክነብር ግን ክሳብ ክንደይ 'ስልጠና' ከም ዘድልዮ ከኣ ኣስተብህሉሉ። እዚ ንህይወት ሓርማዝ እኹል'ዩ። ሓርማዝ ሰብ እንተዝኸውን ነይሩ፡ በዚ ሓጺር ተሞክሮኡ ኣብ ሕብረተሰብ ህይወቱ ክመርሕ ኣይምኽኣለን። ሓርማዝ ምዃኑ ጠቒምዎ። ዘራፍ እውን ደው ክትብል ብዙሕ ግዜ ኣይድልያ እምበር፡ 'ዓቕሚ ኣዳም' ወይስ ዓቕሚ እኹል ዘራፍ ክትበጽሕ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት የድልያ። ዘራፍ ግዳይ ሃደንቲ እንስሳታት ስለ እትኸውን እዚ እዉን ክውሕዳ። ከመይ ኢላ ካብ ኣንበሳን ነብርን ክትመልቑ ትኽእል ዝያዳ ትምህርቲ መድለያ።

እዚ ኩሉ ድሌት ዘምጽኣቶ ዘረባ'ዩ። ቅልጡፍ ለውጢ ዘይምምጻኣ። ኣነ ግን፡ 'ገና ነቲ ትምህርቲ ኣይጀመረቶን' እየ ዝብል ዘለኹ። እቲ ትምህርቲ ኣብ ውሽጣ ኣትዩ ክሰርሕሲ ግዜ ከድልዮ እዩ። ትምህርቲ ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን። ሽዑ ንሽዑ ከኣ ኣይሰርሕን'ዩ። ፈውሲ ቃንዛ ጥራይ'ዩ ኣእትው ከተብሎን ክሰርሕን ሓደ ዝኸውን። ዕላማኡ ከኣ ካብ ቃንዛ ከናግፍ እዩ። ቃንዛ ከዐግስ እምበር፡ ሕማም ክፍውስ ኢሉ ዝውሰድ ፈውሲ ቃንዛ ኣይፈልጥን'የ። ተጋግየ ክኸውን እኽእል እንድየ፡ ግን ከኣ ክማሃር ቅሩብ እየ። ፈውሲ ቃንዛ ቃንዛኻ ስለ ዘዐገሰልካ፡ ቃንዛ ስለ ዘይብልካ ከኣ ሓዊኻ ማለት ኣይኮነን።

ትምህርቲ፡ ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን። ዘይ ከም ፈውሲ ቃንዛ ንቓንዛኻ ጥራይ ዝውሃብ መድሃኒት ኣይኮነን። ኣብ ህይወትካ ንዘሎ 'ሕማም' (ካብ ድንቁርናን ክሳብ ደርቅን ክንዮኡን) ዘበለ በናቕሩ ዘጥፍእ መድሃኒት'ዩ። ርኣዩ፡ ብትምህርቲ ሰባት ማይ ከዝንቡ ይኽእሉ። ስለ ዝተማህሩ ከኣ ሓደጋ ክመጽእ እንከሎ ክትንበዩ ከኣሉ። ስለ ዝተማህሩ ከኣ፡ ብዙሕ ሕማም ተሳዕረ፡ ገሊኡ ዓይነት ቃንዛ ከኣ መግትኢ ተገብረሉ።

ድሌት ርእሳ ክትክእል ነዊሕ ግዜ ከድልያ እዩ። በዚ ግን ተስፋ ኣይትቑረጺ። ኣብቲ ንሳ እትደልዮ ክትበጽሕ ንክልተኸን ግዜ ከድልየክን'ዩ። ለባማት፡ 'ሮማ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ኣይተሃንጸትን ይብሉ።' ኣስመራ እውን ኣብ ሓንቲ ለይቲ ቦቝላ ኣይሓደረትን። ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት፡ ኣብ ጽውጽዋይ ኣላዲንን እታ ትንግርታዊት ቀንዴሉን ጥራይ'ዩ ዝርከብ። ዕድል ክንገብር ከኣ እታ ናይ ኣላዲን ትንግርታዊት ቀንዴል ኣይተዋህበትናን። ኣሳልጦ እምነየልኪ። ሰላም ቀንዩ።

መም ኣብርሃለይ ሃብተ
ኣስመራ



## እታ ዓሰርተ-ሓደ

እግረይ ዘይመረጸ
ዘይገኖኹ ብጺጋማይ ክንፉ
እታ ማልያ ዓሰርተ -ሓደ
ካብ ጥንቲ ዝሉቦሳ
ኣብ ውሽጠይ ዘኑብራ
እዛ ዓሰርተ-ሓደ
እንታይ'ዩ እቲ ምስጢራ
እዋን ቀልዕነት ግዜ ዕንደራ
ተዘናኽረ።
እቲ ብራዚላዊ ሮማርዮ
ሻን በርሲ ኣርሰናል ዘኪረዮ
ቸልሳዊ ድሮግባ ሓሰቦዮ
ክጉዩላ ሹቶ ክሃድኑ
ንዝዓለምዎ ሹቶ ወቒያም ክዘሉ
ዓሰርተ-ሓደ ፍቱው ኣብላ
ኣብ ውሽጠይ ኣምብራ
እፈትዋ እሉቦሳ
እስሕቕ እዘሉላ
ኣይሃግረላን
ኣብ ዝቢሄይ ኣሎ።
እዚ ሎሚ ሎሚ
እዛ ዓሰርተ-ሓደ
ባህርያታ ቀይራ
ኣብ ኣየር ከተንሳፍፍ
ፍረ ዘይብሉ
ትጽውዕ
ደምጺ ኣልቦ ተእዊ
ስለምንታይ?
እቶም ዝለበስዋ
እታ ዓሰርተ-ሓደ
ኑበሶም ይሕተትዋ
ዋጋ ነይርዋ'ዩ - ኣለዋ
እንተ ኣነሞ
ፍሉጥ'ዩ መገደይ
ክጸራ'የ
ማስመረይ ዘይቕይር ዘይርዕድ

ብዓሰርተ-ሓደ
እዛ ዓሰርተ-ሓደ

ነይማር ባርሳ
ኣርሰናላዊ እዚል ካብ ከርሳ
ኩብረ-ወሰን ዝሰበረ ክሎዝ ሓዊሳ
ሩብን ሆላንድ ዝተፈጥሩ ኣለውዋ
እፈትዋ'የ
ብሓቂ!?

መም. ኢዮብ ርእሶም

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ መሃዝነትን ተወፋይነትን

መሓመድእድሪስ መሓመድ

<u>መበል 22 ክፋል</u>

ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ናብ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ንዓይ (ሚጀር ገብረመስቀል ገብረገርግሽ - ፋየር) ኣብ መንጎ ደጀንን ግንባርን ንዝነበረ ስራሓት



ተጋዳላይ ማርቆስ እምባየ (ወዲ ኣርባዕተ)

ንኽወሃህድ ኣብ ኣፍዓበት ኣብ ዝነበረ ዓቢ መነሃርያ ጋራዥ ክተርፍ ከም ዝኣዘዞን ሚጀር ፋየር ባህ ከይበሎ ከም ዝተቐበሎን ርኢና ነይርና። ኣብ ስርሒት ፈንቅል እምበኣር ሚካኤልን ብጾቱን ካብ መንጎ ሃልሃልታን ተኹስን፡ ተሸከርኪቲ ጸላኢ እናመርሑን እናጎተቱን ናብ ውሑስ ቦታ ንኸብጽሑ ኣብ ቅልስ ተጸምዱ። ሚጀር ፋየር እውን ኣብ ዝተመደበሉ ናይ ስራሕ ቦታ ዝያዳ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዋሕዲ መቓያየሪ ኣቕሑ ንምቅላል፡ ሓንሰብ መራሕ መኪና፡ ሓንሰብ ጸጋናይ ብምዃን ምስ ብጾቱ ኣብ'ቲ ትንፋስ ዘይህብ ስራሕ ተጸምደ።

ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ህዝባዊ ግንባር ዝቆጻጸሮ ቦታ እናሰፍሐ ስለ ዝኸደ፡ ብኡ መጠን ዝያዳ መቀያየሪ ኣቕሑ ኣድለየ። ብፍላይ እተን በቲ ሕማቕን ነዊሕን መንገዲ ሩብ ሕዳስ ካብ ባጽዕ ናብ ከበሳ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ መካይን፡ ብቐጻሊ ባሌስትራ ይሰብራ ብምንባረን፡ ፋየር ክኢላ ስራሓት ባሌስትራ ብምዃኑ፡ ነቲ ዘጋጠም ዝነበረ ጸገማት ንምቅላል፡ ዝያዳ ሓላፍነት ክስከም ግድነት ኮነ። ነዚ ንምምላእ እዩ ድማ ፋየር ካብ ኣፍዓበት ብምብጋስ፡ ኣማኢት ኪሎሜተራት ተጓዒዙ ካብ ጋራዥ መራፌት፡ 40 ናይ ቅድሚትን ድሕሪትን ጥማራት ባሌስትራ ናይ ኤንተረ ባዕሉ ፊቲሑን ጽዒኑን ከይወዓለን ከይሓደረን ብኣፍዓበት ገይሩ ናብ ባጽዕ ብምቕጻል፡ ነቲ ኣቕሑ ንተጋዳላይ እዮብ ማንጁስ ኣረኪቡ ናብ ስርሑ ዝተመልሰ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ናይ ሱዳናውያን ታንክታትን ወተሃደራዊ መካይንን ከዕሪ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ብዝተዋህቦ መምርሒ ስራሕ መሰረት፡ ንውድብ ወኪሉ ናብ ሱዳን ከደ። እቲ መደብ ስራሕ ዝተባለሸዋ ታንክታት ዝጽዕና ዓበይቲ ማጅሩስ ምስ ተሰሓብተንን ገለ ኣምፌብያን ዝዓይነተን ታንክታትን ንምዕራይ እዩ ነይሩ። ወዲ-ኣርባዕተ - መካኒክ፡ የውሃንስ ጆን - ጎሚስታ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ከረን ሓላፊ ጎሚስታ ኮይኑ ዝዓዩ ዘሎ፡ ብርሃነ ኣብርሃ ካብ ሓፋሽ ውድባት ክኢላ መካኒክ ከምኡ'ውን ናይ ዕድጊ ተኸለወይኒ ኮይኖም፡ ብሚካኤል ፍስሃየ ተጠርኒፎም እዮም ናብ ሱዳን ተጓዒዞም።

ሎሚ ኣብ ሃገራዊ መድሕን ኮርፖሬሽን ኤርትራ (ኢንሹራንስ) ዘሎ መሳርሕቱ ነበር ኣቶ ማርቆስ እምባዮ (ወዲ ኣርባዕተ)፡ ብዛዕባ'ቲ ክንሰርሕ ክለና ዓቢ ሓበንን ዝናን ይስመዓና ነይሩ። ገና ናይ ጉዳእ ርእስና መንግስቲ ከይተኸልና ናይ ሓደ ናጻ መንግስቲ ንብረት ከነዕሪ ብምብቃዕና ዝተሰመዓና ሓበን ቀሊል ኣይነበረን። ውድብ ህ.ግ. ንሓያሎ ውድባት ምሂሩን ሰሊሉን እንተ ኾነ'ኳ፡ ንሓደ ናጻ ዝኾነ መንግስቲ ክሕግዝ ብምኽኣሉ ግን ኣመና ዘደንቕ እዩ። እዚ ዝኾነ ድማ ብሳላ ተዋፋይነትን ብልሓትን ሚካኤልን ብጾቱን እዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ኣብ በዓል ስዋኪንን መራፌትን ዝነበረ ጋራጃትና'ውን መካይንን ንብረትን መንግስቲ ሱዳን ይጽግን ነይሩ እዩ።


ስውእ ኮለኔል ሚካኤል ፍስሃየ

ኣብ'ዚ ስራሕ እዚ ብዙሓት መካይን እንተ ነበራ'ኳ፡ ንሕና ግን 38 ናይ 120 ታንኪ ዝጽዕና ኣዝዮን ዓበይቲ "ሎቤድ" ዝበሃላ ተሰሓብቲ ዘለወን ማጅሩስ ጸጊንና ኣብ ስራሕ ከም ዝውዕላ ገይርና። ኣብ'ቲ ዝተዋህበና ስራሕ ምሉእ ብምሉእ ኢና ተዓዊትና። በቲ ዝዓመምናዮ ስራሕ ድማ ብፍላይ "ኣይትቕተል" በለኒ። ኣነ ከኣ "ኣታ ሚካኤል ኣይ ዕኮት እንድዩም መሊኣማ ዘለዉ." በልኩዎ። 'ዕኮት መሊኣማ ኢልካ ስራሕ ክትገድፍ! ዳይ-ዳይ. . ." ብምባል ጸርጸር እናበለ መጸ'ሞ፡ ነቲ ዕስለ ዕኮት ትንክፍ ምስ ኣበሎ፡ ብቐጽበት ክልተ ዕኮት ዚዝ እናበሉ ብዘይ ንሕሲያ ኣብ ገጹ ነኸስዎ። 'ፓህ-ፓህ' እናበለ መሊሱ ኣንጸርጸረ። ገጹ



እቶን ታንክታት ዝሰከማ ማጅሩስ


ደው ዝበሉ፡ ካብ የማን 2ይ፡ ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ፡ 4ይ ማርቆስ እምባየ፡ ካብ ኮፍ ዝበሉ ካብ የማን ንጸጋም 1ይ ተኸለወይኒ (ሱዳን 1991)

ብመራሕነት ስውእ ሚካኤል ኣብ ሱዳን ዝተዋህቦም ተልእኾ ክገልጽ ከሎ፡ "እቲ እንሰርሓሉ ቦታ ኣብ ካርቱም መደረዓት ዝበሃል ቦታ እዩ። ከቢድ ብረትን ታንክታትን ዘጠቓልል ዝዓበየ ጋራዥ ከኣ እዩ። እቲ ቦታ ተኣፋፊ ስለ ዝኾኑ፡ መዓርግን ወተሃደራዊ ክዳንን ድማ ተዋሂቡና፡ ከም ወተሃደራውያን መኩንናት ሱዳን ኢና ኣቲና። ንግሆ ሳዓት 08፡00 ብምእታው ምሸት ሰዓት 03፡00 ንፍደስ ነበርና። መንበሪና ኣብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ. ኮይኑ፡ ምግብና ድማ ምስ'ቲ ምሳና ዝነበረ ሓፋሽ ውድብ ብርሃነ ኣብርሃ እዩ ነይሩ። ሚካኤል ንግሆ ባዕሉ ብመኪና ናብ'ቲ ናይ ስራሕ ቦታ እናወሰደ መዓልታዊ መምርሒ ስራሕ እናሃበ ከሰርሓና ኸሎ፡ ንሕና ድማ ብሞራልን ተወፋይነትን ዝተዋህበና ዕማም ነሳልጥ ነይርና። ንሱ ምስ'ቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ብምርድዳእ እዩ መምርሒ ስራሕ ዝህበና ዝነበረ። ናይ ሚካኤል ፍስሃየ ብልሓ፡ ክእለትን ጠባይን ንኽትገልጽ ቃላት ኣይርኩበን እዩ። ከም ኣቦ ኮይኑ'ዩ ዘሰርሓካን ዝኣልየካን። ብሓቂ ድማ ኣቦ መሃዝነትን ተዋፋይነትን እዩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስ ሚካኤል ዄንና መጓዓዝያና፡ ብዓቢኡ ድማ ወድብና ረቢሑ እዩ። ምኽንያቱ ሚካኤል ምስኣቶም ብምንታይ ከም ዝተረዳደአ ደኣ እንተ ዘይፈለጥኩ'ኳ፡ ካብ'ተን ዝተዓረያን ዘይተዓረያን ማጅሩስ ከም ሞሳ ሂቦምና እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ 38 መካይንን 3 ኣምፌብያንን ጸጊንና ንመንግስቲ ሱዳን ኣረኪብና ተመሊስና።

ወዲ ኣርባዕተ ምስ ሚካኤል ኣብ ሱዳን ኣብ ምዕራይ መካይን ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ዘስሕቕ ነገር'ውን ኣጋጢሙዎ እዩ። "ሚካኤል ወትሩ ብኣዘራርባኡን ዋዛኡን ዝልለ ሰብ እዩ። ምስኡ እናሰራሕካ እትስሕቀሉ ኣጋጣሚታት'ውን ብዙሕ እዩ። ናይ ሱዳን መካይን ንጽግን ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ዘጋጠመ ፍጻመ እዩ። ሓቂ ይሓይሽ ካብ ዘፍርሑኒ ነገራት ከልብን ንህብን እዮም። ኣብ'ቲ ጋራዥ እናሰራሕና ከለና፡ ኣብ ሓንቲ መኪና ካምብዮ እናውረድኩ ከለኹ፡ ዕኮት መሊኣማ ጸኒሖምኒ። ስለ ዘፍርሑኒ ነታ መኪና ገዲፈ ጠጠው-መጠው እናበልኩ፡ ሚካኤል ኣማዕድዩ ስለ ዝረኣየኒ በቲ ወትሩ ዘዘውትሮ ቋንቋ ጥልያን "ኳትሮ. . .ኳትሮ. . . እንታይ ትጸብ ኣለኻ? እንድያሞ ግዜ ምስ ሓበጠ እቶም ሱዳናውያን፡ 'ማለክ ያ ልዋእ (ጀነራል)' ክብሉ ሓተትዎ። ንሱ ድማ 'ኣንህብ ቲክ-ቲክ' ኢሉ ምስ መለሰሎም፡ ብሰሓቕ ትዋሕ ኢልና፣ ንሚከኤል እንክዘክር ኩሉ ግዜ ፈጺምና ኣይንርስዖን። ሽው እናሰሓቕና 'እንታይ እዩ ቲክ-ቲክ ማለትካ ኢልና ምስ ሓተትናዮ፡ 'ግደፉና ያኺ! ሓዊ እንዶ'ሉ' ኢሉና። ድሕሪ'ዚ ላምባ ነሲስና ምስ ኣቓጸልናዮም፡ ሚካኤል ብዝሃበኒ መምርሒ ነታ መኪነ ጸጊነያ። ብሓፈሻ ሚካኤል ኩሉ ግዜ ዘሰርሕን ዘሰርሕን ሰብ እዩ። ንሱ ናይ ቀለም ምሁር ኣይኮነን፡ ግን ከኣ መምህር እዩ።"

ሚካኤል ብዘወሰዶ ናይ ስራሕ ተበግሶ ኩነ ንኻልኦት ብጾቱ ብዘካፍሎ ፍልጠትን ሞያን ንውድቡ ዘኹርዕ ሓርበኛ እዩ ዝነበረ። ንጭርሖ ርእሰኻ ምኽኣል ብግብሪ ዘመስከረ፡ ውልቃዊ ረብሓ ዘየጥቅዕ፡ ርእሰና ክንኽእል ኣሎና ዝብል፡ ኣቦ ፈልፋሊ ጥበብን ምህዞን ከም ዝነበረ ላዕለዎት ሓለፍቱን መሳርሕቱን ይምስክሩ።

**ኣዘንታዊ ሚጀር ገ/መስቀል ገ/ገርጊሽ (ፋየር)**

ይቕጽል....

# ምልክታ

ዛዛብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ተወልደመድህን ኪዳነ ኣብ ልዕሊ ተኸሰስቲ 1.እልፈነሽ ተወልደመድህን ኪዳነ 2.ኣማኑኤል የውሃንስ 3.ኣድያም የውሃንስ 4.ኣሴር የውሃንስ 5.ኣስቴር የውሃንስ 6.ሳራ የውሃንስ 7.ምርያም የውሃንስ ዝተባህሉ ናይ ውርሲ ምምቃል ክሲ መሰሪታ ስለዘላ፡ ን14/10/14 ቀሪብኩም መልሲ ሃብሉ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ቤ/ፍ ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳነ ክህብ እዩ።



ሓዳስ መጽሓፍ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ


"Problem Solver of High School Chemistry"

ዘርእስታ ሓዳስ ናይ Chemistry መጽሓፍ ኣብ ኩሉ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ተቐሪባትልኩም ኣላ።

ገዚእኩም ኣንብቡዋ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ: 07151337/07282165




ብስራት ንተመሃሮ 1ይ ዓመት ኮለጃት

ኣብ ካልኩላስ (ማተማቲክስ)፡ ከሚስትሪን ፊዚክስን ንኽትዕወቱ፡ ነዘን 3 ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ተጠቐሙ።

FUNDAMENTAL CALCULUS by Hanibal Tekeste

COLLEGE CHEMISTRY by Ghirmay Araya

COLLEGE PHYSICS by Solomon W/gaber


ትሕዝቶ መጻሕፍቲ
- ✓ ብሩህ መግለጺ ኣምራት
- ✓ እተፈላለዩ ኣብነታት
- ✓ እተፈትሑ ግድላት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት


ጥቕሚ መጻሕፍቲ
- ➢ መምሃሪ
- ➢ መወከሲ
- ➢ መለማመዲ
- ➢ መገምገሚ
- ➢ መዳለዊ ንወሰንቲ ፈተናታት
- ➢ መሰረት ንዝለዓለ ትምህርቲ

ሓገዝቲ፡ ወሰንትን ኣጠቓለልትን መጻሕፍቲ!

ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሐናልኩም ኣለና።

ንሓበሬታ፥ 07237770 /07269756 / 07142402






# ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ E.T.I.

ERITREA TEXTILE INDUSTRIES P.L.C

ብጡጥ ጥራይ ብዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ማልያታት ፣ ብራቴሊ ፣ ሙታንቲ ፣ ፒጃማ ፣ ብምፍራይ ንዓማዊሉ ኣዕጋቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ትካልና ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሕጂ'ውን ብምኽንያት ፌስቲቫል 2014 ፦

ንናእሽቱን ዓበይትን ናይ ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ

* ማልያታት
* ብራቴሊ
* ሙታንታ
* ናይ ስፖርት ክዳን
* ቅጥኒ ንባህላዊ ክዳን መስርሒ ዝውዕል

ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብዘተኣታተውናዮ ጽፍሒ ስራሕ ስፍየት ክዳውንቲ ዝፈረዩ

* ስረ
* ካምቻ
* ጃኬት
* ኮምፕላስዮነ
* ኣንሶላ
* ቦርሳ

ቀሪብና ፣ ነጋድያን ፌስቲቫል 2014 ንምዕጋብ ዓቢ ምቅርራብ ድሕሪ ምግባር ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ናይ መሸጢ ቦታ ጸኒሑና ንርከብ ።

ኣብ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ ኣብ ዝርከብ ቀዋሚ ናይ መሸጣ ቦታና ብሙሉእ ትሕዝቶ ኣገልግሎትና ብቀጻሊ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ንክቡራት ዓማዊልና ብኣኽብሮት ንገልጽ ።

ብጽሑና ብጽፈት ምህርትና ፣ ብርትዓዊ ዋጋና ፣ ብምቕሉል ኣቀባብላና ክትዓግቡ ኢኹም ።

The State of Eritrea
National Authorising Officer —
Ministry of National Development

European
Development Fund

**PROJECT:** **Capacity Building for the Public Administration of Eritrea**

**Contract Title:** **Supply of books for establishing ERCOE's library**

**Publication Reference: EuropeAid/135-987/ID/SUP/ER**

The Government of the State of Eritrea represented by the National Authorising Officer intends to award a supply contract for books for establishing ERCOE's library in Asmara/Eritrea with financial assistance from European Development Fund. The tender dossier is available from:

Eritrean Centre for Organisational Excellence (ERCOE)
Asmara office
Hday Street 748-1
Dembe Sembel –Green Building Block A first floor,
Asmara, Eritrea

and will also be published on the EuropeAid website:
https://webgate.ec.europa.eu/europeaid/online-services/index.cfm?do=publi.welcome.

The deadline for submission of tenders is September 23, 2014 at 18:00 local time. Possible additional information or clarifications/questions shall be published on the EuropeAid website:
https://webgate.ec.europa.eu/europeaid/online-services/index.cfm?do=publi.welcome.

IBRAHIM BODY MASSAGE THERAPY
ኢብራሂም ቦዲ ማሳጅ ተራፒ

ናይ ማሳጅ ትምህርቲ ጀሚርና ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ከሙኡውን ብሰርቲፊኬት፡፡

We give training Message both in theory and practice with Certificate

ኣድራሻ ፡ (ማይጭሆት) ጎደና ባሕሪ ባራ ቁ.ገዛ18
ቁ ኣውቶቡስ 11ን 15ን ክጥቀሙ ትኽእሉ
ከባቢ ፊላደልፊያ ባር ሂልተን

ሰዓታት ስራሕ
ንግሆ 8፡30 -12፡30
ምሸት 2፡30 -8፡00

Address street, Bahribara -Maichohot
Use Bus 11& 15

Tel: 118288 Mob. :07141808
Email- asmara_ bella @ Yahoo.it

## CHINESE CLASSES TO THE PUBLIC

CI-NBHE is planning to offer classes for the public who are interested in **learning Chinese language** and longing for **knowing more about Chinese culture**. The registration is scheduled on August 28-29, 2014 in Room 181, University of Asmara.

The schedule is as follow:

**Class1:** Tuesday&Thursday, 4pm-6pm.
**Class2:** Wednesday& Friday, 4pm-6pm.
**Class3:** Saturday&Sunday, 9am-11am.

The people who want to take the Chinese class will have to pay 100 Nakfa for textbook materials. More information is available for you on working days at Room 179 & 181, University of Asmara. CI-NBHE is expecting you to begin the Chinese Journey with us together.

# ሓበሬታ

ቤት ጽሕፈት ነጋድያን ኢየሩሳሌም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ኣብ 2015 ዓ.ም.ፈ (2007 ዓ.ም.ግ) በዓል ፋሲካ ናብ ኢየሩሳሌም ክትነግዱ እትደልዩ ምእመናን ካብ ዕለት 12 ነሓሰ 2006 ዓ.ም.ግ (18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም.ፈ) ጀሚሩ ምዝገባ ከካይድ ስለዝኾነ ብኣካል ቀሪብኩም ክትምዝገቡ ከምእትኽእሉ ንሕብር።

ቦታ ምዝገባ፦

1. ነባርነትኩም ኣብ ኣስመራ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ሃገረ ስብከት ኣስመራ
2. ነባርነትኩም ኣብ ዞባ ማእከል ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ማእከል
3. ነባርነትኩም ኣብ ሃገረ ስብከት ደቡብ ዓዲ ቐይሕ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጵጵስና ከተማ ዓዲቐይሕ
4. ነባርነትኩም ኣብ ሃገረ ስብከት ደቡብ መንደፈራ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ መንደፈራ
5. ነባርነትኩም ኣብ ንኡስ ዞባ ምምሕዳር ድባርዋ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ ድባርዋ
6. ነባርነትኩም ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ ከረን
7. ነባርነትኩም ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ ባረንቱ
8. ነባርነትኩም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ ባጽዕ
9. ነባርነትኩም ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾንኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት መነበረ ጵጵስና ከተማ ዓሰብ

# ምልክታ

ኩሉኹም ኣባላት ዶልፊን ምሻጥ ዓሳ ንዕለት 22/8/2014 ንግሆ ሰዓት 8፡00 ኣኼባ ስለዘለና፡ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ክትርከቡ ንዕድም።

ዶልፊን ምሻጥ ዓሳ

# ምልክታ


ብስም ወ/ሮ መብራት ካሕሳይ ስብሃቱ ዝተመዝገበ ቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL 00005832 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ጉሬቶ ቁ/ገዛ - ዝርከብ ናይ ድኳንን እንዳ ስጋን ትካለይ ንኣቶ ኤፍሬም በየነ ዑቕባጋብር ካብ ዕለት 1/1/2014 ክሳብ 31/12/2016 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ መብራት ካሕሳይ ስብሃቱ
ወኪል ኣለም ተስፋማርያም ዑቕባየስ

# ምልክታ

ፋብሪካ ቢራ ኣስመራ ንወነንቲ ብርኪ ናይ 2013 ዓ.ም ብጽሒት (Dividend) ክኸፍል ስለዝኾነ፡ ኩሉኹም ሰብ ብርኪ ዘለኩም ሰነድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 13/8/2014 ጀሚሩ ኣብ ፋብሪካ ቢራ ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብወከልትኹም ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከምእትኽእሉ የፍልጥ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 181200 ወይ ብቑጽሪ ፋክስ 188503 ተወከሱና።

ፋብሪካ ቢራ ኣስመራ




ሓዳስ መጽሓፍ

- 11 ሓጺር-ዛንታታት
- ዛንታታት ቀልዕነት
- ዛንታታት ንእስነት
- ዝተፈላለየ ቅዲ-ኣጸሓሕፋ
- ክውንነታዊ ➡ ፋንታዝያዊ
- ቸኮቭያዊ ➡ ትልሚ-ኣልቦ
- ማጂካዊ ክውንነት...

ኣብ ኵሉን ኣብያተ-መጽሓፍ ተዘርጊሓ ኣላ
ተሌ፡ 07118114 - ኣኸደር

... ብኣቀራርባኡን ፍሉይነት ዘለወን ሓጺር-ዛንታታት "ተረፍ"፡ ንምዕባለ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና፡ ብሕልፊ ድማ ንቅዲ ኣጸሓሕፋ ሓጺር-ዛንታ ንቕድሚት ዘሰጉማ እየን።

ሰለሙን በርሀ - ደራሲ "ወፍሪ ስግረ-ዶብ"

* * *

... ነዚ ንነብሮ ዘለና ግዜን መንፈስናን፡ ትርጉም ህይወት፡ መስዋእትን ሓቂን፡ ንሰብን ሕልናኡን ብዕምቈት ጽሒፉሉ። ገለ ካብ'ዘን ዛንታታት ከም ግጥሚ ደጋጊምካ ንኽትንብበን ይድርኻኻሞ፡ እንደገና ሓድሽ ሓሳብን ዓሚቝ ትርጉምን ትረኽበለን።

ግርማይ ዮሃንስ (ሳንድያጎ) - ደራሲ "ዘልኩ ደኣ"

* * *

እኩብ ዛንታታት መጽሓፍ "ተረፍ" ንዝተፈላለየ መድረኻት ህይወት - ካብ ህንጡይነት፡ ንጽህናን ስእለ-ኣእምሮ ህጻናትን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ፍልስፍና ህይወት ማለት፡ ንሞትን ህይወትን፡ ፍቕሪ፡ መስዋእቲ፡ መን ምዃንካ ምፍላጥ ወዘተ. ዝውክሉ ዛንታታት ሒዛ ብውሕሉልን ዕምቈት ዘሎዎ ኣቀራርባን ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።...

ራሄል ኣስገዶም ዘርኣ - ደራሲት "Before She Breaks My Heart"


















ስእሊ: ምሕረተኣብ ሚካኤል
ኣኽሊሉ ዘርኣይ
የማነ ኣብርሃ
[illegible]
















ስእሊ ምሕረታኣብ ገሚካኤል
ኣኽሊሉ ዘርኣዝጊ
የማነ ኣብርሃ
ዲዛይን ታእዛዝ ኣብርሃ

# ካብ ዝዝግትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ፈስቲቫል ኤርትራን ተፈተውቲ ንጥፈታቱን

ፈስቲቫል ኣብ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ዓመት ሰረት ዘለዎ ኮይኑ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ሃገራዊ ኣወደኣመት እዩ። ኣብዚ ዓመት መጸ ኣብ ወርሓት ክረምቲ ዝቖጸሎ ሰፊሕ ሃገራዊ በዓል፡ ናይ ዝተፈላለዩ ብሄራት ኤርትራ እንታይነት እተፈልጠሉ፡ ደረጃ ብቐዓት ትካላት እተለለየሉ፡ ከምኡ ውን ደረጃ ብሉጽነትን ጅግንነትን መንእሰያት ኤርትራ እተረጋገጸሉ ኮታ ንኣብ ወሽጥን ካብ ወጻኢ ዝመጹ ኤርትራውያን ዘእንግድ "ሃገራዊ ክብረት" ዝኾነት በዓል'ዩ።

ፈስቲቫል ኣብ ብዙሕ ሃገራት ዝቖጸረ እኳ እንተኾነ፡ ከምዚ ኣብ ኤርትራ ን ኣብ ካልኦት ሃገራት ብዝርከቡ ኤርትራውያንን ዝቖጸረ ፈስቲቫል መሰረቱ ኣብ ምኽባር ያታዊ ባህልን ምውርራስ ወለዶን ዘተኮረ እዩ።

ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ ብዙሓት ንጥፈታት ዝቖጸሩ ኮይናም ገለ ካብ ልሙዳትን ተፈተውትን ንጥፈታት ንምድህሳስ፡

• ወግዕን ባህልን ዝተፈላለዩ ብሄራት

ንሃገርና ዝውክል ትሻዓተ ብሄራት ኣብ ሓደ መኣዲ ዝእከቡሉ ኣጋጣሚ እዚ ፈስቲቫል'ዩ። ዝኾነ ንመንኑት ብሄራት ኤርትራ ክዕዘብ ወይ ክፈልጥ ዝደሊ ሰብ ኣብ ፈስቲቫል ብምስታፍ ንደረጃ ምዕባለን መንኑት ብሄራት ኣብ ሓጺር ግዜ ክለሊ ዕድል ይረክብ። ኣብ ፈስቲቫል ብዝተፈላለዩ ብሄራት ዝቐርብ ወግዕን ባህልን እቲ ብብዙሓት ዝሀረፍን ዓመት መጸ ኣብ ፈስቲቫል ብዙሕ ነገድያን ዝዕዘቦ እዩ።

• ያታዊ ጸወታታት

ኣብ ኤርትራ ጥንታውያን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸወታታት ኣለዉ። ሕልኩ፡ ሓንዳይ፡ ገበጣ፡ ሸደድ ንኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዞም ያታውያንን መግለጺ ባህልን ዝኾኑ ጸወታታት ኣብ ቅንያት ፈስቲቫል ዝሕደሱን ዘዘናግዑን ስፖርታዊ ውድድራት'ዮም።

• ትምህርታውን ባህላውን ውድድራት ዞባታት

ንብዙሓት ብሄራት ብዙሓቶፈ ኣጥቢብ ዝቖጸሩ ኣብ ትምህርታዊ መዳያትን ባህላዊ ምርኢትን ዞባታት ዝለዓለ ኣቃልቦ ካብ ዝወሃቦ ልምዳውያን ንጥፈታት ፈስቲቫል እዩ።



## ኣብ ካልኦት ሃገራት ካብ ዝእንገዱ ፈስቲቫላት



ፈስቲቫል ክበሃል እንከሎ ብዙሕ ንጥፈታት ዝቖጸሉ ንባህሊ፡ ደረጃን መዕበርን ልምድን ያታን ዝተፈላለዩ ኣህዛብ ዘንጸባርቕ ንተሳተፍቲ ዘጠቓልልን ዘሕጉሰን ስፖርታውን ባህላውን ስነ ጥበባውን ምህዞአውን ካልእን ንጥፈታት ዝእንገደሉ መድረኽ'ዩ። ታሪኽ ኣመዓብላ ፈስቲቫል ካብ ጥንቲ ኮይኑ መሰረት ናይዚ ህልው ዓይነት ፈስቲቫል ድማ ኣብ ቀዳሞት ዘመናት ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ኣህዛብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ምኳይድ ዘኳይድዎ ሓበራዊ ምትእኽኻብ ከምዝኾነ ታሪኽ የረድእ።

ኣብ እዋንዚ ኣብ ዓለም ብዓይነትን ደረጃን ዝተፈላለየ ፈስቲቫላትን ይእንገድ'ዩ።

- ፈስቲቫል ምሕፋስ ምህርቲ፡ እዚ ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝቖጸረ ፈስቲቫል ፡ ኣብ እዋን ቀውዒ ንዝፈረየ ዝተፈላለየ ሕርሻዊ ምህርቲ ናብ ምርኢት ዝቐርበሉ በዓል'ዩ። ኣብዚ ፈስቲቫል ካብ ዝቐርቡ ኣደናቕትን ተባዕትን መደብት ሓደ ምርኢት ምህርቲ ዕንበባታት'ዩ።

- ፈስቲቫል ጣቫርያ፡ ኣብ ዞባ ጣቫርያ - ጀርመን ዝቖጸረ ዝዓበየ ፈስቲቫል ጀርመናውያን'ዩ። ኣብዚ ጽንበል ብዙሕ ትልሂታዊ ንጥፈታት ዝቖጸሩ ኮይኖም፡ ብቢራ ናይ ምቅጭጫብ ወግዒ ግን እቲ ቀንዲ መለለዪ ፈስቲቫል ጣቫርያን ኢዩ።

- ፈስቲቫል ከዋኽብ ብቛንቋ ሰዋሂሊ "መጀመርታ" ዝብል ትርጉም ዘለዎ ፈስቲቫል ከዋኽብ፡ ፈስቲቫል ቅንያት ሰድራ ቤት ተባሂሉ ይግለጽ። ኣብዚ ፈስቲቫል ሰድራቤታት ክኣብ ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ዝጸንሕ ሰፊሕ ናይ ምዝናግዑ ምምኽኻርን ምምፅዓድን መደባት የሰላስሉ። ፈስቲቫል ከዋንዛ ኣብ ኣፍሪቃ ዝጀመረ ኮይኑ ሎሚ ኣብ ሃገራት ኣሜሪካን ገለ ሃገራት ኤውሮጳን ይቖጸር'ዩ።

- ፈስቲቫል ዲ'ኣቪያን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ፈረንሳ ኣብ ዝተደኮነት ከተማ 'ኣቪያን' ዝቖጸር ዝተፈላለየ ሓደስቲ ፊልምታትን ድራማታትን ዝቐርበሉ ናይ ሲነማ ፈስቲቫል'ዩ። ኣብ 1947 ዝተመጀረዚ ፈስቲቫል ሎሚ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ናይ ፊልም ፈስቲቫላት'ዩ።

### ወግዓውያን ሽልማታት ፈስቲቫል ሃገርና

=> ጎብለል ዞባ ኣብ ባህላዊ ትልሂታት
=> ጎብለል ዞባ ኣብ ትምህርታዊ (ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕን መደረን) ውድድራት
=> ጎብለል ዞባ ኣብ ያታዊ ጸወታታት
=> ጎብለል ዞባ ኣብ ኣቀራርባ ባህልን ወግዕን
=> ሓፈሻዊ ጎብለል ዞባ ፈስቲቫል
=> ብሉጻት 10 (Top 10) ደርፍታት
=> ብሉጻት ስነ ጽሑፋዊ ስርሓት (ብሉጻት ግጥሚ፡ ሓጺር ዛንታን ካልእን)

## ምኽሪ ህቡባት ሰባት

"ኩን !
ክትከውን ኣይትፈትን" !
እዚ ቃል ናይ ሓደ ካብቶም ናይ ዓለምና መንፈሳውያን ፈላስፋታት ኦሾ ዝተዛረቦ'ዩ። ኦሾ ኣብ መግለጺኡ ከምዚ ይብል፡
" ምኳንን ክትከውን ምሕላንን ሓደ ዝመስል ግን ኣንጻራዊ ሓሳባት'ዩ። ልክዕ ንምኳን ክትሓስብን ክትሓልምን ይግባኣካ'ዩ። ግን ክትኮኑ እትሓስብ ነገር ክትመራመር ዝደለኻዮ ከይተንኻ ግዜኻ ክሓልፍ'ዩ። ስለዚ መጀመርያ ክትኮኖ እትደሊ ሰብ ኩን፡ ብድሕሪኡ ንዘጥመካ ነገር ኣብ ውሽጡ ክትብድሆ ኢኻ"።

## ኣገረምቲ ሓቅታት

- ኣብ ህዋ ዝርከቡ ከዋኽብቲ ኣብ መሬት ኮይንካ ክትዕዘቦም ናይ ቀረባ ፍልልይ ዘለዎም እኳ ተመሲሉ ማእከላይ ገምጋም ርሕቀት ከዋኽብቲ 200 ሚልዮን ኪ.ሜ ኣቢሉ ይበጽሕ።
- ኣብ ጠፈር ዝኸዱ ተመራመርቲ ይኹኑ ኣስትሮንመራት ክበኽዩ ኣይክእሉን'ዮም፡ ምኽንያቱ ኣብ ጠፈር ስሕበት ምድሪ ስለዘየለ።
- ሰብን ዓቕን ግዝፈ ዓይና ካብ ሽክናኣ ይዓቢ።
- ሓደ እኹል በጽሒ ኣብ ዓመት ክሳብ 1,400 ግዜ ይሓልም።
- ናይ መጀመርያ ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ናይ ኢንተርነት መርበብ ሓበሬታ www.symolic.com ዝብል እዩ።

## ትርጉም ምልክታት ኢድ

ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ዝውተራት ዝኾኑ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ መልእኽቲ ዘሕልፉ ምልክታት ኣለዉ። እዞም ምልክታት ዋላ'ኳ ኣብ ዝተወሰኑ ሃገራት ዝተጀመሩ እንተኾኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብብዙሓት ሰባት ዝዝውተሩ ዓለማውያን ምልክታት ኮይኖም'ዮም።

ዓባይ ዓብይቶኻ ሓፍ ምባል

- ዓባይ ዓባይቶኻ ሓፍ ብምባል ዝኾነር ምንቅስቓስ ንሓደ ነገር ኣወንታዊ ምላሽ ንምሃብ ወይ ድማ ዕግበትካ ንምግላጽ ዝሕብር'ዩ። እዚ ምልክት'ዚ ካብ ጥንቲ



ኣትሒዙ ዝውቱር ከም ዝነበረ ታሪኽ ይገልጽ። እዚ ምልክት'ዚ ዋላ'ኳ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተመሳሳሊ ትርጉም እንተለዎ ኣብ ገለ ገለ ሃገራት ግን ካልእ ትርጉም የውህብ'ዩ። ኣብ ጥልያን እዚ ምልክት'ዚ ክልተ ትርጉም'ዩ ዘለዎ። እቲ ሓደ " ዓገብ" ዝሰምዕ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ግን ንቁጽሪ ሓደ ዘመልክት'ዩ። ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዓባይ ዓባይቶኻ ንታሕቲ ምስ እትቕንዕ ኣንጻራዊ መልእኽቲ የመልክት። ብኣኻልዳ ሞራባውያን "ወዱቕ" ወይ ድማ "ስዕረት" ዝብል ትርጉም ይወሃቦ።

ኣመልካቲት ኣጻብዕትን ማእከለይቲ ኣጻብዕትን ሓፍ ብምባል "V"

- እዚ ምልክት'ዚ ምስ "V" ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ፊደል ዝመሳሰል ኮይኑ ኣብ መብዛሕትኡ ሃገራት "victory" ማለት ዓወት ዝብል ትርጉም የመሓላልፍ። ኣብ ሃገራት ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድን



እንግሊዝን ኣዝዩ ዝውቱር ከምዝኾነ ዝግለጽ'ዚ ምልክት መሰረቱ ኣብ ሃገረ ኣውስትራልያ ኢዩ። ኣብቲ ግዜ'ዚ ትርጉሙ'ዚ ምልክት " ከም ምርጫኻ" ወይ ድማ " ከም ድላይካ" ዝሰምዕ መልእኽቲ ከምዝነበረ ይሕብር። ዝ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መላእ ዓለም ዝዝውተረሉ ትርጉም ዝተላበሶ ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም ኮይኑ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ዊንስተን ቸርችል ብተደጋጋሚ ግዜ ንዓወት ንምግላጽ ንህዝቡ "V" ዝብል ምልክት ክሀብ ድሕሪ ምጅማሩ'ዩ።

ቀለቤታዊ ምልክት

- ኣብ መጀመርያ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣሜሪካ ከምዝተጀመረ ዝነገረሉ ቀለቤታዊ ምልክት፡ ዓባይዓባይቶኻን ኣመልካቲቶ ኣጻብዕትኻን ብመልክዕ ቀለቤት ቅርጺ ብምጽራሕ ዝውሃብ መግለጺ'ዩ። ትርጉም ናይዚ



ምልክት ድማ "ሕራይ" ወይ ድማ "ተሰማሚዐ" ዝብል ኢዩ። እዚ ምልክት'ዚ ኣብ ካልእ ሃገራት ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ይረኣ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ፈረንሳ " ዜሮ" ኣብ ካልእ እዋን ድማ " ምንም ዘይብሉ" ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ይጥቀሙሉ እዮም።

ምንጪ፡ መጽሓፍ how to read body language

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er



## ክለብ ደቀምሓረ ህላውነታ ኣውሒሳ

ጋንታ ደቀምሓረ ምስ ሻምፕዮን ክለባት ዞባ ደቡብ 2014 ዝኾነት ጋንታ ዓዲ-ቐይሕ ኣብ ዘካየደቶ ናብ ሊግ ኤርትራ ዘሕልፍ ናይ ፕለይ-ኦፍ ግጥም ክትዕወተሉ ብምኽኣላ ህላውነታ ኣብ ውድድር ሊግ ኤርትራ ምውሓሳ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ስፖርት ኤርትራ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርት ኣብ ስታድዩም ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ተረኺቦም ዝተኸታተልዎ ግጥም ተጻወትቲ ክልቲኦን ጋንታታት ምስ ኣማሓዳሪ ከተማ ዓዲቀይሕ ኣቶ ብርሃነ ኢያሱ፡ ኮሚሽነር ስፖርት ዞባ ደቡብ ኣቶ ነጋሲ ተስፋጋብርን ሓለፍቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ድሕሪ ምልላዮም ብኣላይነት ማእከላይ ዳኛ መም. ደምሴ ተኸስተ ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም ጋንታ ደቀምሓረ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ገዛኣ ሜዳኣ ንዚጋጠማ ናይ 2ብ0 ስዕረት ናብ ዓድቀይሕ ገይሻ ብተመሳሳሊ ዓወት ኣመዓራርያ ብፍጹም ቅላዕ 5ብ3 ክትዕወት ብምብቅዓ'ያ ህላውነታ ኣብ ሊግ ኤርትራ ከተውሕስ በቒዓ።

ተጻወትቲ ደቀምሓረ ካብ ፈለምኡ ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ሜላ ጸወታ ሒዞም ብምቅራብም ኣብ መበል 35 ከምኡ'ውን 85 ደቓይቕ ካብ ስምኦን ኪዳነን ፍጹም ኪሮስን ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ'ዮም ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሖም።

ናብ ፍጹም ቅላዕ ቅድሚ ምምርሖም ድማ ኣሰልጣኒ'ታ ጋንታ ኣቢሰሎም ቴድሮስ ኑቲ መፍለዩ ናብ ረብሕኡ ክቕይር ብምሕሳብ ዕድመ ንዘደፍአ ቅያር ሓላው ልዳቱ ጺጋይ ገብረስላሰ (ኣንጦንዮስ) ቀይሩ ናብ ሜዳ ብምእታው ንደገፍቲ'ታ ጋንታ ኣሻቕሊ መሲሉ'ኳ እንተቐረበ ንቀዳመይቲ ቅላዕ ጋንታ ዓዲ-ቐይሕ ተወርዊሩ ብምድሓኑ ሜላ ምቅይያር ሓለውቲ ልዳት ናብ ረብሓኡ ክቕይሮ ክኢሉ'ዩ።

ኣብ ቅድሚ ደገፍቶም ዝተጻወቱን ኣብ ሊግ ኤርትራ ናይ ምሕላፎም ጉዳይ ርጉጽ ገይሮም ዝቐረቡ ተጻወትቲ ዓዲቐይሕ ኣብቲ ግጥም ንዝረኸብዎ ዕድላት ክጥቀሙሉ ብዘይምኽኣሎም ድሒሮም ኣብ ፍጹም ቅላዕ ዋጋ ክኸፍሉ'ዮም ተገዲዶም። በዚ ዝተረኸበ ውጽኢት ድማ ጋንታ ደቀምሓረ ምስ ክለብ መረብ ሓቢራ ኣብቲ ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ክጅምር ትጽቢት ዝግበረሉ ውድድር ሊግ ኤርትራ ዓመት 2014/15 ንዞባ ደቡብ ወኪላ ክትወዳደር'ያ።

** ** **

## ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ይቕጽል

ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ መርበብ ኤርትራ ንኽልተ ዞባታት ብኽልቲኡ ጾታ ዘሳተፈ ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ (ቢች ቮሊቦል) የካይድ ምህላው ብመገዲ ህዝባዊ ርክቡ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ካብ ዝሓለፈ ቀዳም ጀሚሩ ዘካየዶ ውድድር፡ ኣብ ግጥማት ደቂ ተባዕትዮ ጋሽ ባርካ ኣብ ልዕሊ ደቡብ 2ብ1 ከምኡ ድማ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዓንሰባ 2ብ0 ተዓዊተን። ኣብ ግጥማት ደቂ ኣንስትዮ፡ ማእከል ንዓንሰባ ከምኡ ድማ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንደቡብ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2ብ0 ተዓዊተን።

ብቕድሚ ትማሊ፡ ኣብ ግጥማት ደቂ ተባዕትዮ ማእከል ንደቡብ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ንሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2ብ0 ተዓዊተናለን። ኣብ ግጥም ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋሽ ባርካ ንዓንሰባ 2ብ0፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኸኣ ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብተመሳሳሊ ውጽኢት ረቲዐአን።

እዚ ውድድር እዚ ክሳብ 21 ነሓሰ ክቕጽል ምዃኑ ዝወጸ መደብ ኣነጺሩ።

## ቅድድም ብሽክለታ

ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ብምኽንያት ክረምታዊ ስፖርት ህጻናት - ግራስ ሩትስ - ዝሰርዖ ውድድር ትማሊ ቀዳም ምኽያዱ ተፈሊጡ።

እቲ ውድድር ኣብ ክሊ ዕድመ 13-15 ከምኡ ድማ 16-17 ዝተኻየደ ኮይኑ 16 ንኡሳን ዞባታት ድማ ተሳቲፈናኦ።

ኣብ ክሊ ዕድመ 13-15፡ ሌላ ሚኪኤል - ሰምበል፡ ዳዊት ፍስሃየ - ጋላነፍሒ፡ ፊልሞን ትኩእ - በሪኽ፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ - ፓራዲዞ፡ ዳንኤል በርሀ - ጎዳይፍ ከምኡ ድማ ስምኦን ጸገዘኣብ - ገዛባንዳ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዞም።

ኣብ ክሊ ዕድመ 16-17፡ ዑቕባማርያም ረዘነ - በሪኽ፡ ሃኒባል ኣብርሃም - ቲራቮሎ፡ ኣላእ ዓብዱ - ቲራቮሎ፡ ናሆም ሃይለ - በሪኽ፡ ያቤስ እስቲፋኖስ - ገጀረት ከምኡ ድማ ሲራክ ሃብተ ገዛባንዳ ዕውታት ኮይኖም።

ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ዮርዳኖስ ርእሶም - በሪኽ፡ ሰገን ኣርኣያ - በሪኽ፡ ሶልያና ገብረመስቀል - ገዛባንዳ፡ ሰላም መሓሪ - በሪኽ፡ ሓበን ኣማረ - በሪኽ ከምኡ ድማ መርሃዊት ሳሙኤል - ጋላ ነፍሒ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ብምውጽእ ነጥቢ ኣመዝጊበን።

** ** **

## ሱፐር ካፕ

### ምስላፍ ጋረዝ በይል ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ

ሎሚ ምሸት ኣብ ዝካየድ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ሱፐር ካፕ እስጳኛ፡ 'ክቡር' ተጻዋታይ ዓለም ዝኾነ ጋረዝ በይል ምስላፉ ኣብ ምልክት ሕቶ ብምእታው ቢቢሲ ሓቢሩ።

ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ዝኾነ ጋረዝ በይል፡ ዋላ'ኳ ኣብዚ ሳልሳቲዚ ፍኹስ ዝበለ ልምምድ እንተካየደ፡ ጥዕናኡ ምሉእ ከምዘየለን ሎሚ ምሸት ኣንጻር ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣብ ዝካየድ ግጥም ድማ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ቀራና መገዲ ምቕማጡን ይንገር ኣሎ። ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ካርዲፍ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ዩዌፋ ሱፐር ካፕ ንሰቪያ ረቲዓ ዋንጫ ብምልዓላ፡ ሞራል ተጻወትታ ጥርዚ በጺሑ ምህላው ይፍለጥ። እዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ዋላ'ኳ ብኽብሩ ፍኹስ ዝበለን ናይ ክልተ እግሪ ግጥም እንተኾነ፡ ምስታ ናይ ቀረባ መቐናቕንታ ዝኾነት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ተካይዶ ብምህላዋ ግን ፍሉይን ጥንቁቕን ክትኸውን ከገድዳ እዩ።

ጋረዝ በይል ሎሚ እንተደኣ ምስ ከም ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ጀምስ ሮድሪገዝን ዝኣመሰሉ ዝይተኣደነ ወጻኢታት ዝወጸሎም ተጻወትቲ እንተራእዩ፡ ካርሎ ኣንቸሎቲ እታ ዝኸበረት ጋንታኡ ሒዙ ኣብ ሜዳ ቪንሰንት ካልዴሮን ዓወት ንምምዝጋብ ክቃለስ ምዃኑ ማድሪድ ዝመደበረን ጋዜጣታት የረድኣ። ብኻልእ ወገን ድማ፡ እቲ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ፡ ንጋረዝ በይል ዓመት ምሉእ ብብቕዓት ክስለፈሉ፡ ሎሚ ምሸት ከምዘየሰልፎ ተንተንቲ ይምጉቱ።

ብዘይካ'ዚ ኣንቸሎቲ፡ ሎሚ ምሸት ንሓላዊ ልዳት ኢከር ካሲያስ ምስ ቀዳሞት 11 ከሰልፎ ምዃኑ ብኢጋኡ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ባርሴሎና ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ብዘቑጸረቶ ሸቶ ምርታዓ ይዝከር።

ሻምፕዮን እስጳኛ ዝኾነት ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ኣብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብሪያል ማድሪድ ምርትዓ ይፍለጥ። እዛ ጋንታ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ንከም ዲያጎ ኮስታ፡ ዴቪድ ቪያ፡ ፊሊፐ ሉዊስን ኮርቶኣን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ኣርሒቓ ናብ ካልእ ክለብ ብምፍናዋ ሎሚ ዓመት በዓቒት ናይ ምኳና ተኽእሎ ኣካታዒ ኮይኑ ኣሎ።

ብኻልእ ወገን እታ ብዲያጎ ሲሞን እትእለ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንከም ኣጥቃዒ ማርዮ ማንዙኪች ካብ ባየር ሙኒክ ብምፍራም ኑቲ ዘለዋ ሃጓፍ ሸፊና ነዚ ዓመት ስፖርት'ዚ ብብቕዓት ክትምክት ምኳና ዝምጉቱ እውን ኣይተሳእኑን።

** ** **

## ተወሳኺ . . .

= እንግሊዛዊት ክለብ ማን ዩናይትድ፡ ንተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ኣንገል ዲ ማርያ ብ100 ሚልዮን ፓውንድ ንምግዛእ ተበግሶታት ምርኣያ ደይሊ መይል ትማሊ ምሸት ሓቢራ። ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ከይተዛዘመ ሓደስቲን ስሙያትን ተጻወትቲ ኩተፈርም ላዕልን ታሕትን ትብል ምህላዋ ዝንገረላ ዘሎ ማን ዩናይትድ፡ ኑቲ ኣብ ማድሪድ ዘይማእመአ ተጻዋታይ፡ ዘይተኣደነ መጠን ገንዘብ ኩተውጽኣሉ ምውሳና ንብዙሓት ኣገሪሙ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ እታ ማንችስተራዊት ክለብ ኑቲ ኣርጀንቲናዊ ኮኾብ ንሰሙን 200,000 ፓውንድ እናኸፈለት ኩተጻውቶ ባህጊ ከምዘለዋ እውን ይግለጽ ኣሎ።

= ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ ሊግ 1 ፈረንሳ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ሞናኮ ንኻልኣይ ግዜኣ ተረቲዓ። ሻምፕዮን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ፓሪስ ሴንት ጀርማይን ድማ ሓንሳብ ክትዕወት እንከላ ሓንሳብ ድማ ማዕረ ተፈላልያ።

= ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ ንሓላዊ ልዳት ክለብ ቸልሲ - ፒተር ቼክ ተማዕዱ ኣላ። ዝሓለፈ ሰሙን እቲ ተጻዋታይ ብኣሰልጣኒኡ ሞሪኖ ካልእ ክለብ ክናዲ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ሓያለ ክለባት ኑቲ ተጻዋታይ ንምህዳን ተበግሶታት የርኢያ ኣለዋ። እንተኾነ፡ ሞሪኖ፡ ትማሊ ድሕሪ ዘካየዶ ልምምድ ሓሳቡ ከምዝቐየረን ንኽልቲኦም ሓለውቲ ልዳት ኣብ ሕቑፉ ከጽንሖም ከምዝኽእልን ኣሚቱ ኣሎ። ቸልሲ፡ ኣብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝነኣድ ብቕዓት ከርኢ ንዝጸንሐ ሓላዊ ልዳታ ኮርቶኣ ድሕሪ ምምላሱ ንቼክ ኩተፋንዎ ከምእትኽእል ተገሚቱ ነይሩ።

## ግጥም ፕለይ ኦፍ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ



ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንክሪስታል ፓላስ 2ብ1 ብምርታዕ ሞራላ ዘበረኸት ኣርሰናል፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ግጥም መጻረዪ ንሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ናብ ቱርኪ ተጓዒዛ ኣንጻር በሺክታሽ ክትገጥም መደብ ተታሒዙላ ኣሎ።

እዚ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ፕለይ ኦፍ፡ ነታ ዝሓለፈ ዓመት ራብዓይ ደረጃ ዝሓዘት እንግሊዛዊት ክለብ ኣዝዩ ከምዘገድሳ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ የጋውሓ። ኣሰልጣኒ ኣርሰን ቨንገር እውን "ካብ ሻምንፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክንበኩር ኣይንደልን። ምኽንያቱ እዚ ውድድር እዚ ንዓና ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ቱርኪ እውን ነጥቢ ከይከሰርና ብዓወት ክንምለስ ክንጽዕር ኢና" ይብል እቲ ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ። ኣርሰናል፡ ነዚ ግጥም ፕለይ ኦፍ እንተደኣ ተዓዊታ ንመበል 17 ተኸታታሊ ግዜኣ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትህሉ እያ።

ትማሊ ንተጻወትቱ ፍኹስ ዝበለ ልምምድ ከካይዱ ዝወሰነን፡ ተጻወትቲ ኸኣ እናተቓለሱ (ሓውሲ ምዝናግዕ) ከምዝተዛዘዩ መራኸቢ ብዙሃን የረድኣ።

እንተኾነ፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ኣካታዒ ዝኾነ ውሳኔታት ብምውሳዱ ብሓያል ኣሰልጠንቲ ዝተነቕፈ ሰርብያዊ ዳኛ ሚሎራድ ማዚች ኑቲ ግጥም ክኣልዮ ምዃኑ ንእግሊዛውያን ኣሻቒሉ ይርከብ። እቲ ዳኛ፡ ኣብቲ ውድድር ዝሃቦ "ዘይፍትሓዊ ውሳነ" ብኣሰልጠንቲ ኢራን ካርሎስ ኵሮዥ ከምኡ እውን ብናይ ፖርቱጋል መዘናኡ ፓውሎ በንቶ ምውቃሱ ኣብ እዋኑ ተሓቢሩ እዩ።

በሺክታሽ፡ ነዚ ናይ ሎሚ ግጥም ኣብ ቅድሚ 76,000 ደገፍታ ከተካይዶ እያ።

### ሩኒ እንታይ በለ?

ኣብ ፈላሚ ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ግጥማ ስዕረት ዘመዝገበት ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቫን ሃል፡ 'ከፊኡ ከምዘይከፍኣ' ውሩይ ተጻዋታያ ዋይን ሩኒ ዘለዎ እምንቶ ተዛሪቡ።

ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ንዝሓዘቶ ናይ ሻውዓይ ደረጃ "ዕንወት እዩ ነይሩ" ብምባል ዘረባኡ ዝጀመረ ዋይን ሩኒ፡ "እዚ ናይ ትማሊ ጸወታ ኣዝዩ ሕማቕ ውጽኢት እዩ ተመዝጊብዎ። ካብዚ ውጽኢት ከምእንመሃር ግን ኣይትዘንግዑ። ምኽንያቱ ቫን ሃል ንሓንቲ ጋንታ ናይ ምትንሳእ ዓሚ ስለዘለዎ" ይብል እቲ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ።

ቫን ሃል፡ ኣብ ግጥማት ቅድመ ምጅማር ዓመት ስፖርት ዓበይቲ ንከም ኢንተር፡ ሊቨርፑልን ቫለንሲያን ንዝኣመሰላ ክለባት ብምስዓር ስሙ ክኸልዕ ክኢሉ ነይሩ። ብቕዳም ግን . . .

"ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ዓበይቲ ክለባት ኣብ ፈላሚ ጸወታአን ይርትዓ እየን። ካብ ድሕሪት ተበጊስን ክዕወታ ግን ግዜ ኣይወስደለንን እዩ። እዚ ድማ ኣብ ትሕቲ ቫን ሃል ክውን ክኸውን እዩ" ይብል ሩኒ።

ብርሃን ምሕረትኣብ

# እስራኤል ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብ ዶብ ቓዛ ትልእኽ



እስራኤል ናብ ዶብ ቓዛ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ከምዝለኣኸት መርበብ ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ።

እስራኤል ኣብ ጥቓ ወሸመጥ ቓዛ ልኢኻቶም ዘለዉ ወተሃደራት ብታንክታትን ቡልዶዘርን ተሰንዮም ኣብ ተጠንቀቕ ከምዝርከቡ እቲ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ንሓሙሽተ መዓልታት ዝተኣወጀ ምቁራጽ ተኹሲ ናብ ምብቃዑ ገጹ ይኸይድ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ። እንተኾነ ኣብ ምስሪ ዝርከቡ ወከልቲ እስራኤልን ሓማስን እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ን72 ሰዓታት ክቕጽል ተሰማሚዖም ምህላዎም ኣብ ዝንገረሉ ዘሎ እዋን፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ተጠንቀቕ ምህላዉ ተወሳኺ ጸቕጢ ፈጢሩ ምህላዉ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ትሕዝቶ ናይቲ ወከልቲ ክልቲኦም ወገናት ዘካይድዎ ዘለዉ ዝርርብ ብወግዒ'ኳ እንተዘይተገልጸ፡ ፕረስ ቲቪ ከምዝሓበሮ፡ ፍልስጤማውያን ተዛተይቲ ዘቕርብዎ ዘለዉ ጠለባት ብእስራኤል ተቐባልነት ምስዘይረኸበ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ስምምዕ ከምዘይክተም'የም ዘጠንቀቑ።

ምንቅስቓስ ፍልስጤማውያን - ሓማስ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ኣጽኒዓቶ ዘላ እገዳ ክተልዕሎ'ዩ ዝጠልብ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ዛጊት 540 ህጻናት ዝርከብዎም ልዕሊ 2 ሽሕ ፍልስጤማውያን ህያውቶም ክስእኑ እንከለዉ፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ድማ ከምዝቘሰሉ ጸብጻባት ጥዕና ናይቲ ከባቢ የመልክቱ።

# ኣመሪካ፡ ብቕትለት ጸሊም ኣመሪካዊ ዝተለዓለ ናዕቢ ይቕጽል

ኣብ ኣመሪካ ዞባ ሚዙሪ ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ሓደ ወዲ 18 ዓመት ጸሊም-ኣመሪካዊ ዝፈጸሞ ቅትለት ንምልእ'ቲ ዞባ ኣየዕጊቡ ብምህላዉ፡ መንግስቲ ኣብቲ ሃገራዊ ሓለዋ ክልእኽ ከምዝተገደደ ይግለጽ ኣሎ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ በቢሲ ዝፈነዎ ዜና፡ እቲ ናዕቢ ብዝያዳ እቲ መንእሰይ ኣብ ዝተቐትለላ ከተማ ፈርጉሰን ተኻሂዱ ብምህላዉ፡ ተወሰኽቲ ኣባላት ሃገራዊ ሓለዋ ናብታ ከተማ ተላኢኾም።

ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ጀይ ኒክሰን፡ ብሰንኪ'ቲ ቅትለት ዝተላዕለ ናዕቢ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እናኾነ ይመጽእ ብምህላዉ፡ እቶም ኣባላት ሃገራዊ ሓለዋ ሰላምን ጸጥታን ናይቲ ከባቢ ንምዕቃብ ሓያል ጻዕሪ ክገብሩ ኣዚዙ።

በቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተፈጸመ ቅትለት ዝተቓጥዑ ሓያሎ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ዝርከብዎም ሰልፈኛታት ኣንጻር ኣባላት ፖሊስ ግጭት የካይዱ ምህላዎም እቲ ዜና ሓቢሩ። ኣባላት ጸጥታ ብወገኖም ሓያሎ ሰባት ክኣስሩ እንከለዉ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሰልፈኛታት ዘንብዕ ጋዝ ከምዝተኮሱ እቲ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

እቲ ናዕቢ እናሓየለ ብምምጽኡ፡ ኣብቲ ከባቢ ሰዓታት እቶ-እቶ ተኣዊጁ ምህላዉን ዝኢ ዝጥሓሱ ሓያሎ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉን ተፈሊጡ'ሎ።

ጠንቂ ናይቲ ናዕቢ ብ9 ነሓሰ ኣብ ልዕሊ ማይክል ብራውን ዝተባህለ ወዲ 18 ዓመት ጸሊም ኣመሪካዊ ዝተፈጸመ ቅትለት'ዩ።

እቲ መንእሰይ፡ ኣብ ጎደና እናተዛወረ እንከሎ፡ ብሓደ ጻዕዳ ኣመሪካዊ ኣባል ፖሊስ ብጥፍዒ ከምዝተቐትለ'ዩም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝገልጹ።

ንሱ፡ በቲ ኣባል ፖሊስ ብዝተዋህቦ ትእዛዝ መሰረት ተንበርኪኹ ኢዱ እናንቦ እንከሎ፡ ኣድራጋ ጠያይት ናይቲ ኣባል ፖሊስ ከምዝዘበጦ ነቲ ፍጻመ ዝተዓዘቡ መሰኻኽር ንማዕከናት ዜና ሓቢሮም። ጸብጻባት ሕክምና ብወገኖም እቲ ግዳይ ብውሕዱ ብ6 ጠያይት ከምዝተሃርመን ካብዚ እቲ ክልተ ኣብ ርእሱ ምዃኖምን ኣሕፊሮም።

ንሱ ብኡ ንብኡ ክመውት እንከሎ፡ ሓያሎ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ነቲ ኩነታት



ብምቅዋምን ዓሌታዊ ኣድልዎ ክውገድ ብምጥላብን ኣብ ጎደናታት ናዕቢ የካይዱ ምህላዎም ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ፖሊስ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ዜጋታት'ታ ሃገር ቀጻሊ ግፍዒ ከምዘውርድ'ዩ ዝጥቀስ። ኣብ 2012 ብሓደ ጻዕዳ ኣባል ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ወዲ 16 ዓመት ጸሊም ኣመሪካ ኮተቴ ተመሳሳሊ ቅትለት ከም ዝተፈጸመን እቲ ጻዕዳ ኣባል ፖሊስ ኣመሪካ ኣብ ክንዲ ብገበኑ ዝቕጻዕ ብፍርዲ ናጻ ከምዝተባህለን ኣይርሳዕን።

# "ካብ ኤምባሲ ኤኳዶር ክወጽእ'የ" ጁልያን ኣሳንጅ



ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ኤኳዶር ንልዕሊ 2 ዓመት ተዓቂቡ ዝርከብ መስራቲ ዊክሊክስ ጁልያን ኣሳንጅ ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ቀጽሪ ናይቲ ኤምባሲ ክወጽእ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ንሱ፡ ንማዕከናት ዜና ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ጉዳይ ጥዕናይ እናኸፍአ ብምምጽኡ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ክወጽእ'የ" ኢሉ።

ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ምስጢራዊ ሰነዳት ኣመሪካ ዘቃልዐ ጁልያን ኣሳንጅ፡ ካብ ቀጽሪ'ቲ ኤምባሲ እንተወጺኡ፡ ብፖሊስ ብሪጣንያ ተታሒዙ ናብ ሽወደን ክለኣኽን ኣማስያኡ ናብ ኣመሪካ ክርከበን ከምዝኽእል'የም ተንተንቲ ዝእምቱ።

እቲ ወዲ 43 ዓመት ኣውስትራሊያዊ ካብ 2012 ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤኳዶር ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ጸገም ልብን ሕዱር ሕማም ሳናቡእን ከምዘማዕበለ'የም ጠበቓታቱ ዝገልጹ።

ኣሳንጅ ኣብ ልዕሊ ክልተ ደቀንስትዮ ጾታዊ ዓመጽ ከምዝፈጸመ ትኸሰሰ ዘላ ሽወደን፡ ካብ ብሪጣንያ ክትረክቦ ኣብ 2010 ሕቶ ከምዘቕረበት ይፍለጥ።

ጁልያን ኣሳንጅ ኩነታት ጥዕንኡ እናኸፍአ ብምምጽኡ፡ ካብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤኳዶር ብምውጻእ ኣብ ሆስፒታል ክኣቱ ከምዝኽእል'ዩ ዝገለጸ። ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤኳዶር ድማ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ምስ ሰብ መዚ ብሪጣንያ ይዘራረቡ ምህላዎም ጸብጻባት የመልክቱ።

# ላይበርያ፡ ሕሙማት ኢቦላ ካብ ሆስፒታል ይሃድሙ

ኣብ ላይበርያ ኣብ ሓደ ሆስፒታል ድሕሪ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ 17 ሕሙማ ኢቦላ ከምዝሃደሙ በቢሲ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ሓያሎ ብረትን ኣባትርን ዝዓጠቑ ሰባት ብሓይሊ ናብቲ ኣብ ከተማ ሞንሮቪያ ዝርከብ ሆስፒታል ብምእታው'የም፡ ንኹሎም ሕሙማት ካብቲ ቦታ ክወጹ ዝኣዘዝዎም።

እቶም ብቫይረስ ኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት፡ ኣብ ውሽባ ብፍሉይ ተታሒዞም ዝጸንሑ ኮይኖም፡ ድሕሪ'ቲ መጥቃዕቲ ኣበይ ከምዝበጽሑ ዛጊት ኣይተፈልጠን።

ቫይረስ ኢቦላ፡ ኣብ ላይበርያ ብቐልጡፍ የስፋሕፍሕ ከምዘሎ'የም ክኢላታት ሕክምና ዝገልጹ። ይኹን'ምበር ብዙሓት ዜጋታት'ታ



ሃገር እቲ ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታ ናይ ፈጠራ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ህላወ ናይቲ ሕማም ይኽሕዱ።

ኑቲ ኣብ ልዕሊ ሆስፒታል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዝተዓዘቡ ሰራሕተኛ፡ መዓጹን መሳኹትን ናይቲ ሆስፒታል ከምዝተሰበረ፡ ዝበዝሐ ንብረት ከምዝተዘምተን ሕሙማት ኢቦላ ካብቲ ሆስፒታል ክወጹ ከምዝተኣዘዙን ገሊጹ።

ኣብቲ ሆስፒታል ብጠቕላላ 29 ሰባት ብቫይረስ ኢቦላ ዝተለኽፉ ከምዝጸንሑ፡ ካብኣቶም እቶም ትሸዓተ ክሞቱ እንከለዉ፡ እቶም 17 ሃዲሞም ዝተረፉ ሰለስተ ጥራይ ኣብቲ ሆስፒታል ከምዝርከቡ ተፈሊጡ።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ብሰንኪ ሕማም ኢቦላ ዝሞቱ ሰባት 1145 በጺሖም ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም 413 ኣብ ላይበርያ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ጊኒ 380፡ ኣብ ሰራልዮን 348 ከምኡውን ኣብ ናይጀርያ 4 ሰባት ብቫይረስ ኢቦላ ከምዝሞቱ እቲ ጸብጻብ የመልክት።

መጉዲ ኣየር ብሪጣንያን ኢማራትን ዝርከብኦን ናይ ሓያሎ ሃገራት መጉዲ ኣየር ናብ ጊኒ፡ ላይበርያን ሰራልዮንን ዝጉብረኦ በረራ ንግዚኡ ደው ኣቢለናኦ ምህላወን ጸብጻብ በቢሲ የመልክት።